**ኣከፋፍላ ግብሪ (2%)**

መንግስቲ ኤርትራ ን ኣብ ዓዲ ጣልያን ይኹን ኣብ ካልእ ሃገራት ዝነብሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብጸቕጥን ምፍርራሕን ክልተ ሚእታዊ ናይ እቶቶም ግብሪ የኽፍሎም። ነዚ ዘየማልኡ ኤርትራውያን ካብ ኤምባሲታትን ቆንስላትን ኣገልግሎት ይንፈጎም፡ ወረቓቕቶም ኣይሕደስን፡ ኣብ ሃገሮም ሕጋዊ ኣገልግሎት ኣይወሃቦምን፡ ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ስድርኦምን ኣዝማድምን ሓገዝ ይንፈጎም ጥራሕ ዘይኮነ ሰብኣዊ መሰላቶም ’ዉን ይጋሃስ። ነገራት ከምዚ እንዳኾነ መንግስቲ ይኹን ካልእ ዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ ዓዲ ጣልያን ነዚ ዘይሕጋዊ ተግባር ዕሽሽ ብምባል ጎስዩዎ ይሓልፍ ምህላዉ ኢዩ።

**ሓደ ንጹር ነገር ክንግንዘቦ ዝግባእ ኣሎ፥** እዚ ብስም መሕወይ ግብሪ ወይ ክልተ ሚእታዊ ክኽፈል ዝሕተት ዘሎ ገንዘብ ሕጋዊ ኣይኮነ ወይ ብወለንታ እዞም ኤርትራውያን ስደተኛታት ንረብሓ ሃገሮም ኣይኮነን ዝኽፈል ዘሎ። ስርዓት ህግደፍ ንዜጋታቱ ኣብ ዉሽጢ ሃገሮም እንዳ ኣጋፈዐን፡ እንዳጮኮነን፡ መባእታዊ መሰላቶም እንዳገሃሰን ከይኣክሎ ነቶም ኣብ ስደት ዝነብሩ ኤርትራውያን ንምቁጽጻር ከኣ ብ ምፍርራህን ዓመጻዊ ኣገባብ እንዳተጠቐመን እዚ ዘይሕጋዊ ክልተ ሚእታዊ ግብሪ ንክኽፍሉ የገድዶም ኣሎ። ከም ኣገላልጻ ሙኒር፥ ሓደ ሓቀኛ ስሙ ክህብ ፍቓደኛ ዘይኮነ ኤርትራዊ ዜጋ እዚ ዘይሕጋዊ ክልተ ሚእታዊ ግብሪ ምስ ምጻር ቤተሰብን ክብሪ ናብራን ተደሚሩ ኣብ ወጻኢ ንዝነብሩ ኤርትራውያን ሽግር ኮይኑዎም ጸኒሑን ኣሎን። ነብሱ ኪኢሉን ከይዓብን ዓቢ ጾር ኮይንዎ ኣሎ።

**ሙኒር ሓቀኛ ስሙ ክህብ ፍቓደኛ ዘይኮነ ስግኣት ስለዘለዎ ኢዩ።** ንሱ፡ ከም ኩሎም ኤርትራውያን ኣብ ስደት፡ ክልተ ሚእታዊ ግብሪ ካብ ዓመታዊ እቶቱ ክኸፍል ይግደድ። (እዚ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝኸፍሎ ሕጋዊ ግብሪ ኣብታ የአንጊዳቶ ዘላ ሃገር ማለት ኢዩ።)እንድሕር ክልተ ካብ ሚእቲ ንመንግስቲ ኤርትራ ዘይከፊሉ ወረቓቕቱ ክሕድስ ኣይክእልን፡ ቆንስላዊ ኣገልግሎት ክረክብ ኣይክእልን ከምኡ’ዉን ሕጋዊ ኣገልግሎት ኣብ ሃገሩ ኤርትራ ኣይረክብን (ንኣብነት መንበሪ ገዛ ይኹን ወይ መሬት ክገዝእ ኣይክእል ክሸይጥ ኣይክእል፡ ናይ ዉርሻ ቅጥዕታት ክመልእ ኣይክእልን፡ ካልእ ሕጋዊ ወረቓቕቲ ኣብ ዓዱ ኣይወሃቦን ወዘተ....)። ብምቕጻል ሙኒር፡ እዚ ከይኣክል እንድሕር ስድራይ ኣብ ኤርትራ ኣነ ክልተ ሚእታዊ ከምዝኸፍል ዘርኢ ወረቐት ወይ ረሲት ተሓቲቶም እንተዘይኣቕሪቦም፡ ን ዓዲ ዚሰዶ መግቢ ይኹን ጥረ ነገራት ክቕበሉ ኣይክእሉን። መንግስቲ ኤርትራ ይህግሮ ማለት ኢዩ። ቆንስላዊ መርበብ ኤርትራ ን  ኣብ ስደት ዝነብሩ ኤርትራውያን ንምቁጽጻር ብ ዕቱብ ይሰርሓሉ። እዚ ጥቡቕ ምቁጽጻር ወላ ዉን ካብ ኤርትራ ወጻኢ፡ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰል ኤርትራውያን የኸትል።

**2%ን ዝተፈላለዩ ዘይሕጋዊ ኣታዊ**

**መስርሕ ምእካብ ክልተ ሚእታዊ ግብሪ፡** ጽባሕ ናጽነት ኤርትራ ብ 1993 ኢዩ ጀሚሩ። ድሕሪ ናይ ሰላሳ ዓመት ኲናት ምስ ኢትዮጵያ መንግስቲ ኣስመራ ን ኣብ ስደት ዝነብሩ ኤርትራውያን ክፋል ካብ እቶቶም ንህንጸት ሃገር ከበርክቱ ብዘቕረቦ ሕቶ ኢዩ ጀሚሩ። ብ 1999፡ ምስ ዳግማይ ክስተት ኲናት ምስ ኢትዮጵያ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንኩሎም ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ መላእ ዓለም፡ ተወሳኺ ዓመታዊ ናይ ሓደ ምልዮን ሊረ ንዝቐጻለ ሰለስተ ዓመታትን ከምኡ ’ዉን ወርሓዊ ዝኽፈል 50 ሺሕ ሊረ ኣብ ልዕሊኡ ሓቲቱ። ሕጂ’ዉን ኤርትራውያን ስደተኛታት ወላ ’ዉን እቲ ሕቶ እንተኸበደ ብወለንተኦም ለጊሶም ኢዮም። ን መንግስቲ ኤርትራ ግን እዚ’ዉን ክኣኽሎ ኣይከኣለን። ኲናት ምስ ኢትዮጵያ ደው ኣብ ዝበለሉ ግዜ ሓገዝ ንስድራ ስዉኣት ብምባል መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ሕጂ ብ ክልተ ሚእታዊ ዝጽዋዕ ግብሪ ብ ግዴታ ክኽፈል ኣዊጁ። ሚኪኤል ዝባሃል ካልእ ኤርትራዊ ዜጋ ከም ዝገልጾ፡ ድሕሪ ኲናት ምስ ኢትዮጵያ ብ ዝተፈላልየ መኽንያታት ከም ሓገዝ ን ደቂ ስዉኣት፡ ን ካብ ኲናት ንዝተመልሱ ዜጋታትናን ተባሂሉ ተወሳኺ ናይ ገንዘብ ሕቶ ብ መንግስቲ ኤርትራ ቀሪቡ ኢዩ። ምስ ግዜ ካልእ ተወሳኺ ሕቶታት እንዳበዝሐ ምስ ከደ መብዛሕትኦም ኤርትራውያን ኣብ ስደት ብ ፍላይ ድማ መንእሰያት ልዕሊ ዓቕሞም ክኾኖም ስለ ዝጀመረ ክኽፍልዎ ኣይከኣሉን።

**ዝተፈላለዩ ኤርትራውያን ዉድባት ኣብ ዓዲ ጣልያንን ኣብ ካልእ ሃገራትን ነቲ ብ መንግስቲ ኤርትራ ዝሕተት ዘሎ መጠን ገንዘብ ክጎድል ጻዊዒት ከቕርቡ ጀሚሮም ።** መንግስቲ ኤርትራ ግን ነዚ ጻዊዒት እዝኒ ኣይገበረሉን። ብኻልእ መዳይ፡ እዚ መስርሕ ምእካብ ግብሪ ን መንግስቲ ኣስመራ  ሓደ ካብቶም ቀንዲ ምንጪ እቶት ጥረ ገንዘብ ኮይንዎ ኢዩ። ቆንስላት ኤርትራ ብጀካ ብ ጥረ ገንዘብ ብካልእ መንገዲ ክፍሊት ክልተ ሚእታዊ ኣይቅበላን ኢየን።   በዚ ምኽንያት ኢዩ እምበኣር ዋሕዚ እዚ ገንዘብ ናበይ ከምዘብል ዘይፍለጥ።  ከምዚ ስለዝኾነ ኢዩ ከኣ ባይቶ ጸጥታ ዉድብ ሕቡራት ሃገራት ነዚ ዘይሕጋዊ ግብሪ ፍሉይ ቆላሕታ ክገብረሉ ዝወሰነ። እቲ ብ ዓንቀጽ ቁጽሪ 1907/2009 ባይቶ ጸጥታ ዉሕሃ ዝፍለጥ እገዳ መሸጣ ኣጽዋር ኣብ  ልዕሊ ኤርትራ ነቲ ብስም “2% ናይ መሕወዪ ግብሪ” ካብ ኤርትራውያን ብ መንገዲ ኤምባሲታትን ቆንስላትን ኤርትራ  ንዝእከብ ገንዘብ፡ ከምኡ ውን ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣምታት ንዝግበር ወፈያታትን ውን ዝምልከት ከም ዝኾነ ምግንዛብ የድሊ።

**መንግስቲ ካናዳ፡** ወላ’ ዉን መስርሕ ምእካብ ክልተ ሚእታዊ ኣብ’ ታ ሃገር ኣይከልከል፡ ዋሕዚ እቲ ገንዘብ ናበይ ከም ዘብል ንምክትታል ቆንስል መንግስቲ  ኤርትራ ግሉጽነት ዘሎዎ ኣገባብ ኣከፋፍላ ከተኣታቱ ጸቒጢ ክገብር ጸኒሑ። መንግስቲ ስዊዘርላንድ’ ዉን፡ ጻዊዒት ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብታ ሃገር ብምስማዕ፡ ነዚ ዘይሕጋዊ ተግባር ኣቓልቦ ጌሩሉ ኣሎ። ን ነዊሕ ዓመታት ኣብ

ስዊዘርላንድ ዝተቐመጠ ዮሃንስ ከም ዝገልጾ፡ መንግስቲ በርና ን ጉዳይ ክልተ ሚእታዊ ብዝምልከት መርመራ ይገብር ኣሎ። ከም ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣብዚ’ዉን ክልተ ሚእታዊ ግብሪ ኣብ ኤምባስን ቆንስልን ኢዩ ዚኪፈል። ሓደ ሓደ ግዜ ግን ኣገልገልቲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ማሕበረኮም ነዚ ገንዘብ ይእከቡ ኢዮም። ኣብዚ ቀረባ እዋን ኤርትራውያን ስደተኛታት ብርቱዕ ተቓዉሞ ኣስሚዖም ኢዮም፡ ምኽንያቱ እዚ መስርሕ ምእካብ ገንዘብ ድሕሪ ስብከት ኣብ ቤተክርስትያናት ከይተረፈ ክእከብ ጸኒሑ ኢዩ። ሕጂ ግን፡ ላዕለዎት ኣካላት መንግስቲ እዚ ዓዲ ቁጽጽር ክገብሩ ስለ ዝጀመሩ፡ ዲፕሎማሰኛታት ኤርትራ ጥንቃቐ ክገብሩ ጀሚሮም። ከም ቀደም ብቐሊሉ ገንዘብ ክእከቡ ኣጸጊምዎም ኢዩ ዘሎ። ብዓቢኡ ከኣ፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ዓቢ ተቓዉሞ ብፍላይ ድማ ብ ኤርትራውያን መንእሰያት ገጢምዎም ኣሎ። ወላሓደ ሰብ ክኸፍል ኣይደልን ኢዩ።

## ስቕታ ሃገረ ጣልያን

ኣብ ዓዲ ጣልያን’ ዉን እዚ ተቓዉሞ ይዓቢ ኣሎ። እቶም ኣብ ኤርትራ ሃገራዊ ኣገልግሎት ነዊሕዎም መወዳእታ ስኢኖምሉ፡ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ኣጋጢምዎም፡ ስደት ዝመረጹ ኤርትራውያን መንእሰያት ቀንዲ ተቓወምቲ ናይ’ዚ ዘይሕጋዊ ተግባር ምእካብ ክልተ ሚእታዊ ግብሪ ኢዮም። ነቶም ን ነዊሕ ዓመታት ኣብዛ ሃገር ክነብሩ ዝጸንሑ ኤርትራውያን’ ውን እዚ ብ ግዴታ ጸቕጥን ዝእከብ ዘይሕጋዊ ግብሪ ኣድኪምዎምን ኣቆጢዕዎምን ኢዩ። ቅድሚ ዕስራ ዓመት ናብ ዓዲ ጣልያን ዝመጸት፡ ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ሒዛ ትሰርሕ ኤርትራዊት ዜጋ ኣበባ፡ ምኽፋል ክልተ ሚእታዊ ግብሪ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ደው ኣቢለ ትብል። ግን ኣብ መወዳእታ ግንቦት ፓስፖርተይ ክወድቀኒ ኢዩ፡ ንከሐድሶ ድማ ከባቢ 1500 ኤውሮ ናይ ዝሓለፈ ዝተጠቕሰ ዓመታት ብ መልክዕ ዕዳ ክኸፍል ክሕተት ኢየ። (ኣብ ደሞዝ ምርኩስ ብምግባር ብ ኣገልገልቲ መንግስቲ ኤርትራ ዝትመን ኣሃዝ  ማለት ኢዩ)። ዓቢ ጸር ኢዩ ምስተን 1100 ኤውሮ ዘይሓልፋ ወርሓዊ ደሞዘይ ከተነጻጽሮ ከለኻ። ግን ከኣ ክኸፍሎ ክግደድ ኢየ፡ እንተዘይኮይኑ ስድራይ ክርኢ ኣይክእልን እየ።

**ዘይምኽፋል እዚ ግብሪ እዚ ን ኤርትራውያን ጥራሕ ኣይኮነን ወረቓቕቶም ከይሕዙ ዝዕንቅፍ**፡ ዘስደምም ኢዩ ወላ ን ኢጣልያውያን ዕንቅፋት ይፈጥር ኢዩ። ንኣብነት ሓደ ኤርትራዊ ናይ ጣልያን ዜግነት ምስ ዝሓትት፡ ዘባዊ ምምሕዳራት ናይ ትውልዲ ምስክር ወረቐትን ካልኦት ኣገደስቲ ወረቓቕቲ (carichi pendenti)ናይ መቦቆል ዓዲ ከቕርብ የገድዳ።  እዚ ወረቓቕቲ እዚ ከኣ ካብ ኤምባሲታትን ቆንስላትን ጥራሕ ኢዩ ክወሃብ ዝኽኣል። እዚ ሽግር ከም ዘሎ ንበዓል መዚ ዓዲ ጣልያን ወላ እንተተሓበረ፡ ንሶም ግን ምስክርነት ብ መልክዕ ጽሑፍ ኣቕርብ ይብሉ። ምስክርነት ግን የለን ወይ ክህሉ ኣይክእልን ኢዩ ምኽንያቱ ኣገልገልቲ መንግስቲ ኤርትራ ንዜጋታቶም ከም ዝንጸጉዎም ዝምስክር ጽሑፍ ወይ ወረቓቕቲ ከምዝጎዶሎም ዝሕብር ድጋፍ ኣይህብዎምን ኢዮም።

**እዚ ክባሃል ዝጸነሐ ወላ ዉን ነቲ ብዘይ ሽግር ንስደተኛታት ዝወሃብ ወረቓቕቲ ይምልከት ኢዩ።** ሓደ ሙኒር ዝተባህለ ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ኣብ ዓዲ ጣልያን ዑቕባ ዝሓተተን፡ ናይ ትምህርቲ መንበሪ ፍቓድ ዝሓዘን ከም ዝገልጾ፥ ናብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ኢሚግረሽን (questura) ከይዱ ናብ ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳ ዘንቀሳቕሶ ወረቐት ኣብ ዝሓተተሉ፡ ኣገልገልቲ መንግስቲ ኢጣልያ እቲ ዝሓተቶ ወረቐት ክወሃብ እንተደልዩ ብቑዕ ፓስፖርት ሃገሩ ከምጽኣሎም ሓቢሮም ሰዲዶሞ።  ነገራት ከምዚ ሲለዚኾነ ከኣ፡ ካብ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ዝሃደመ ሙኒር ናብ ኤምባሲ ክምለስ ዝተገደደ። ኣገልገልቲ መንግስቲ ኤርትራ ብናይ ጣዕሳ ዝፍለጥ ፎርም ኣምሊኦም ከምዝፍርም ገበሩዎ። ትሕዝቶ ናይቲ ፎርም ድማ፥ ሃገሩ ከም ዝጠለመን፡ ከምዝተኣመነን፡ ከምዝተጣዕሰን፥ እንድሕር ን ኤርትራ ተመሊሱ ድማ ግቡእ መቕጻዕቱ ክዋሃብ ምዃኑ ይሕብር። ብምቕጻል ሙኒር ድሕሪ ናይ ጣዕሳ ፎርም ምፍራም ክልተ ሚእታዊ ግብሪ ክኸፍል ተሓቲቱ። ድሕሪ ብዙሕ ሽግራት፡ ገንዘብ ብምዉህላል ልዕሊ 2000 ኤዉሮ ከፊሉ። እቲ ኣገልጋሊ መንግስቲ ኤርትራ ግን፡ ድምር ናይቲ ገንዘብ ደጊሙ ድሕሪ ምቑጻር 60 ኤውሮ ከም ዝጎደለ ኣስተውዓለ። በዚ ምኽንያት ድማ ነቲ ሙኒር ዝሓተቶ ኣገልግሎት ከም ዝቋረጽ ገበረ። እዚ መንእሰይ እንዳ ተሻቕለ ካብ ቆንስል ወጺኡ ንዝጎደለ ገንዘብ ክምልእ ናብ የዕርኽቱ ይኸይድ። ናብ ቆንስል ኣብ ዝተመልሰሉ ግዜ፡ ኣብ ሱዳን ን ክልተ ዓመት ዝኣክል ነቢርካ ኢኻ እሞ ናይ’ዚ ኩሉ ግዜ ተወሳኺ ዝኽፈል ገንዘብ ኣለካ ይብልዎ። ወዲ ብ ሕርቃን የዕገርግር እሞ ኣገልገልቲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሉእላዊ ቆንስላዊ መሬት ኤርትራ ስለ ዘለኻ ክንኣስረካ ንኽእል ኢና ኢሎም ኣፈራርሒዎ። እዚ ወዲ ከይከፈለን፡ ክገይሽ ዘኽእሎ ወረቐት ከይሓዘን ይወጽእ።

**ምፍርራሕ ምእሳር ኤርትራውያን ዜጋታት ኣብ ኤምባሲ ቀጻሊ ኢዩ።**  ዮሃንስ ከም ዝሕብሮ ሓንቲ ኤርትራዊት ማሓዝኡ ፓስፖርት ከተሐድስ ኢላ ናብ ቆንስል ትኸይድ እሞ፥ ሓድሽ ፓስፖርት ክትወሃቢ ወረቐት መንነትኪ ኣቕርቢ ይብሉዋ። ንሳ ድማ ወረቐት መንነታ ኣጥፊኣቶ ጥራሕ ዘይኮነት ክልተ ሚእታዊ ኣብ ምኽፋል’ውን ድሒራ ኔራ። ኣገልገልቲ መንግስቲ ኤርትራ ሸለል ከይበሉ ወይ ዕዳኺ ክፈሊ ወይ ፓስፖርትኪ ኣይንሕድሰልክን ኢና በልዋ። ንሳ ድማ ኣቐዲማ መምለሲ ነፋሪት ትኬት ኣቚሪጻ ስለዝጸነሐት ብሕርቃን ኣዕገርገረት። ባዕሉ እቲ ቆንስል ድማ ከፈራርሓ ይጅምር። ንስኺ ወረቐት መንነትኪ ኣጥፊእኪ ከይኣኸለኺ፡ ኣብዚ መጺእኪ ከኣ ዕግርግር ትገብሪ፤ ትፈልጢ እንተደሊና ክንኣስረክን ካብዚ ኤምባሲ ከምዘይትወጺ ክንገብረኪ ከም ንኽእል፤ ነዛ ጓል ክሳዕ ምሸት ሒዞም፡ ፓስፖርት ሂቦም ነቲ ዕዳኣ ኣክፉፍላ ጌሮም ስዲዶማ።

**መስርሕ ምእካብ ክልተ ሚእታዊ ግብሪ ከም ጉልባብ ፖለቲካዊ ምቁጽጻር ዉን ይጠቅም።** ምቁጽጻር ብ ኣገልገልቲ ኤምባስታት ጥራሕ ዘይኮነ ብ ዝተፈላለዩ ዜጋታት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ማሕበረ ኮም (comunita’) ከም መራሕቲ፡ ኣገልገልቲ፡ ወዘተ። ቀጥታዊ ርክብ ምስ ኤምባሲ ኣሎዎም ንዖኦም ድማ ይሰርሑ። ንኣብነት ሓደ ኤርትራዊ ስራሕ ምስ ዘይህልዎ ክልት ካብ ሚእቲ ክኸፍል ዓቕሚ እንተዘይብሉ፡ ኤምባሲ ፡ ነዚ ኤርትራዊ ዜጋ ስራሕ ከም ዘይብሉ ምስክር ወረቐት ካብ ዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ ጣልያን

ኣምጽእ ይብልዎ። እዚ ምስ ዘይከውን ከኣ፡ ምስክር ወረቐት ካብ ዝኾነ ሰራሕተኛ መንግስቲ፡ እዚ ሰብ'ዚ ኣይሰርሕን ኢዩ ዝብል ጽሑፍ ከምጽእ ይሕተት። ወላ'ዉን ሓደ ኤርትራዊ ብዘይሕጋዊ መዳይ እንተሰርሐ ፡ ሓደ እሙን ሰብ ካብ ኤምባሲ፡ ኣብ ኤምባሲ ወይ ቆንስል ዘይዉሑስ ስራሕ ከምዘለዎ ከምዝምስክረሉ ይግበር። እዚ መስርሕ ድማ ብልሽው ኣሰራርሓ ይፈጥር። ንስራሕ ዘይብሎም ወይ ዘይሕጋዊ ስራሕ ዝሰርሑ፡ በቶም ዝዋሓሱ ወይ ንምስክርነት ዝቐርቡ ሰባት ዝተወሰነ መጠን ገንዘብ ከምዝኸፍሉ ይግበር።

**እዚ ዶቓሲ ኣሰራርሓ ንኹሉ ማሕበራዊ ህይወት ስደተኛታት ይጸሉ።** ኣብ መዛግብቲ ኤምባሲታትን ቆንስላትን ምኽፋል ክልተ ሚእታዊ ግብሪ ጥራሕ ኣይኮነን ዝምዝገብ፥ እንኮላይ ተበግሶን ተሳትፎን ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ኣብ ማሕበረ ኮም። እዚ ንሰብ ክቆጻጸሩ ኢሎም ዝገብሩዎ ኢዩ ይብል ሚኪኤል። እዚ ምቁጽጻር ድማ ብጣዕሚ ኢዩ ዘፍርሕ ምኽንያቱ ነቶም ኣብ ኤርትራ ዝነብሩ ዘለዉ ኣባላት ስድራቤት ወይ ኣዝማድ ጸገማት ስለዝፈጥሩ። እዚ ኩሉ ዝተባህለ ነቲ ረሳሕ ባህሊ ናይዚ ማሕበረኮም ይገልጽ። በዓል መዚ ሃገረ ኢጣልያ ዉን ናታቶም ሓላፍነት ክወስዱ ኣሎዎም። ፖሊስ ኢሚግረሽን ኣብ ሞንጎ እቶም መንበሪ ፍቓድ ዘሎዎምን ዑቕባ ዝሓተቱን ፍልልይ ኣይገብሩን ኢዮም። ምኽንያቱ ነቶም ዑቕባ ዝሓተቱ ካብ ኤምባሲ ወረቐት ክሓቱ የገድዎም ኣለዉ። ሸለል ክባሃል ዘይግብኦ ጉዳይ ኢዩ፡ መብዛሕትና ድማ ኣይንቅበሎን ኢና። ዘይምኽፋል ክልተ ሚእታዊ ግብሪ እኹል ኣይኮነን፥ ተቓዉሞና ኣብ መላእ ዓለም ክዓቢ ኣሎዎ ክሳዕ መንግስቲ ኣስመራ መስርሕ ምእካብ ግብሪ ኤርትራውያን ኣብ ስደት ደው ዘብሎ። እዚ ኣጸያፊ ነገር ክቋረጽ ኣለዎ።